ብኣባል ተሐኤ,ንምሉእ መሰል ርእሰ ውሳነ, መተካእታ የብሉን ብመትከል ብዕላማ ተሐኤ, ክሳብ ሎሚ ኤርትራ ንኤርትራዊያን እንዳ ጨረሐ, ኣብ ቀጽሪ ተ,ሐ,ኤ ኪቃለስ ዝጸንሔ፡፡

ትማልን ሎምን ነውሊዔይ መለይ ይኣምን
ሕጂ ውን ጭርሖና ኤርትራ ንኤርትራዊያን,




ኣብ 2018 ከምዚ ክብል
ንጭፍራ ኣፍሪስና ክንዘልል
ኣብ ኤርትራ ቅዋም ክንተክል
ናተይ ትምኒት ነዚ ይመስል,

ንሕና ኣብ ስደት ደስ ደስ
ሳኣን ብስኒት ብግስ
ኣርዮስ ታሪኽና ይድምስስ,

ንኤረትራውነት
ን30 ዓመታት
ከፊልና ብሉጻት,

መንነትና ከህስሱ
ካብ ተበገሱ
ንፍለጦ ፈውሱ,

ኣቱም ሃገራዊያን

ሓደ ምዃን
ሕጂ ዩ እቲ እዋን,

ን27 ዓመት ደቂ ኤረ
ብኤሊት ምስ ተዘወረ
ንቃልና ሲኢናሉ ፍረ,

እዚ ካብ ኮነ
ዝመስለኒ ኣነ
ሕጂ ክንሳነ,

ኣብ ትጽቢት ዶ ይንበር
ንድሕነት ህዝቢ ሃገር
ንውዲተኛታት ክነባርር
ብስኒት ወሲና ንፈር,

ደጊም ብውዲት ብቓጻ
ንኤርትራ መን ክረግጻ
ብተንኮል ዘይኮነ ብነጻ
ክትመርጾ ክመርጻ,

ብሰናይ ሓሳብ
ከም ሰብ
ብፍቕሪ ክንዋሰብ,

ብሓደ ክንድ ሸሕ
ብስኒት ዝመርሕ
ናብ ዓወት ክንበጽሕ,

ብስኒት ብሐቦ
ካብ ገጠር ጎዶቦ
ዝመርሕ እዝገ ዝሃቦ,

ለውጢ ዝጸልኣ
ንደቀባት ከጥፍኣ
ሐስዩ ጅቡኡ ዝመልኣ,,

ከይጀመረ እቲ ጉዕዞ
ከም ጠቢብ ዝሐዞ
ፈር ፈር ኢሉ ቲፎዞ,

ትጽቢት ነዊሑ
ወይ ምርሑ
ወይ ተመርሑ,

ብ,በርሀ ኣባል ተ.ሐ.ኤ
ምስ ብጾቱ ከይተሐብኤ
ብዕላማ ኪቃለስ ዝጸንሔ,

ኣብ ጎቦ ዘሎ ንፉስ ,ይሰዶ
ኣብ ሩባ ዘሎ ውሕጅ ይሰዶ
ነዚ ዓመት ብስኒት ንኺዶ,

ዓመት እቑረ ንበሃሃለሉ
ካብ ጌጋና ንመሃረሉ
ዓመት ስኒት ምስ ኩሉ,

ሕልምና ዝሰምረሉ

*ንዓድና ንምለሰሉ*
*ፍትሒ ዝነግሰሉ,*

*ዓመት እንካን ሃባን*
*ዓመት ምክብባርን*
*ንህዝብና ንምድሓን*
*ይግበረልና ኣሜን,,*

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ,ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ብበርህ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ስዕረት ንጉጅለ ህግደፍን ዓንገልቶምን፡*